# ማሕበር ኤርትራውያን ንሰላምን ደሞክራስን ኣብ ስዊስ

**ASSOCIATION DES ERYTHREENS POUR LA PAIX ET LA DEMOCRATIE (ASPD)**
**Case postal 401 1214 Vernier, Geneva Switzerland (Eritrean_ch@yahoo.com)**


---

## ንዝኽር ዕስራ ሰነ

### ናይ ሕልናን ፖለቲካን እሱራት ብቤት ፍርዲ ዝተብየነ ወንጀል ስለ ዘይብሎም ይፈትሑ!
### ሕደር ወዓል ዘይብሉ ቁዋማዊ መንግስቲ ብደሞክራስያ ምርጫን ብነጻ ፕረስን፣ ተሰንዩ ሕጂ ይተግበር!
### ሕድሪ ናይ ሱውኣትና ክትግበር፣ ስልጣን ንሕዝቢ የረከብ!

ሎሚ ዓመት ኣብ ወርሒ ግንቦት 2008ዓም፣ ንዕስራን ኣርባዕተን መዓልቲ ነጻነት ከም ልሙድ ኩሉ ዝተበደልናዮን፣ ዝተጠለምናዮን፣ ዝቆሰልናዮን ንግዜኡ ረሲዕና፣ ክነብዕላን ክነድምቓን ብተስፋ ክንስግራን ተመኒና ኔርና። እንተኾነ ብዝኾነ መዓቕኒ ንዓሰርተ ሸብዓተ ዓመት ኣብ ስልጣን መንግስቲ ኤርትራ ኮፍ ክብል መሰል ዘይነብሮ ዋና ጸሕፊ ህግደፍ፣ ኣብ ተለቪጅናት ዓለም ተቀልቂሉ፣ ከም ኣመሉ ዕንደር ብዝኾነ ዘረባኡ፣ ኣብ ልዕሊ ሕድሪ ሱዉኣትና ዘለዎ ንዕቀትን ሕሉፍ ትምክሕትን ጎሲዑ። ኣብ ቅድሚ ዓለም ተሰጢሑ፣ ከይሓፈረ ቁዋምን፣ ነጻ ፕረስን፣ ደሞክራስያዊ ምርጫን፣ ያኢ ንኣሜርካ ክተሕጉስን ትኽደኖ ሞዳ ኮይኑ 'ክሳብ ግዜ ዕድሜይ ኣመሪካን መሰልቶም ከይሕጎሱ፣ ምርጫ ንዓይንኹም ኣይክትርእዩዎን ኢኹም' ክብል ኣብ ገጽና ጡፍ ኢሉ። ሕዝቢ ኤርትራ፣ ንኣሜሪካ ከሕጉስ ኣይተቓለሰን፣ /እንተ ነሱ ግን ባዕሉ ንርእሱ ይሕተታ/ እኳ ድኣ ክሳብ ሎሚ ናይ ወጻኢ ሜላ ኣሜሪካን ናይ ኣሜሪካ ኣቀባበልትን ቀንዲ ምንጪ ናይ ስቃዩን ሞቱን እዮም። ከመይ ድኣሉ እዚ ግርንቢጦሽ ዘረባ። ንሕና ንፍትሓዊ ቁዋማዊ መንግስቲ፣ ዋሕስ ሕወትናን፣ መብራህቲ ንመንገዲ ስልጣኔናን ምኻኑ ኣሚና፣ ንኣርባዓ ዓመት ጸረ ጎባጢት ኢትዮጵያን ደገፍታ ሓያላን ዓለምን /ኣሜሪካን ሩስያን/ ተራጺምና እወ ተረባሪብና 24 ግንቦት 1991 ደምዲምና፣ ኣብ እዚ ንመሰልና ዝተገብረ ኩናት ድማ ሱዉኣት 70ሽሕ ከፊልና። ከይጠለመ፣ ዋና ጻሓፊ ህግደፍ ዝደርፎን ዝጭርሖን ከም ዝነበረ ናስትሮታት መዘክር ሓደ መዓልቲ ክዛረብ እዩ። እንተ 20 ሰነ ግን ምስጢራ ብመዝሙርን ብትያትሮን ትገልጾ ሰለ ዘላ ኣሉ ቐጣን ህግደፍ መዓልቱ ኣለዎ።

እዚ ካብ ኮነ ዕላማ ህግደፍን ዋና ጸሓፊኦምን ወርሒ ሰነ ምብዓል ኣይእንታዮም እዩ? ንኣና፣ ንጩቁናት ሕዝቢ ኤርትራ ግን ወርሒ ሰነ ወርሒ ገምጋምን፣ ወርሒ ምብጻዓና ነሔድሰላን ኢያ። ወርሒ እምነትን ተስፋን ፍቅርን እያ። እወ ካብ እቲ ሓዲድ ናይ ሕድሪ ሱዉኣትና ወጺእና ንጎዓዝ ከይንህሉ፣ ኮንፓስና ንተኻኽለላ ዕለት ኢያ። ኩሉ ሃገራዊ ንተግባራቱ ክግምግም፣ ንሕልንኡ ክሓክኽ፣ ንሕማቕ ገዲፉ ንጽቡቕ ክሓቑፍ፣ ንዝወደቀ ሕግን ባህልን ሱዉኣት ኣልዒሉ፣ ነጊፉ፣ ወልዊሉ፣ ንህንጸት ሃገር ክብገስ ዝግብኦ ዕለት እያ። ንህንጸት ሃገር፣ ማሕበራዊ ፍትሒን፣ ምጽዋዋርን፣ ምክብባርን፣ ብዝሓ ሰልፍታትን፣ ነጻ ፕረስን፣ ቅድመ ኩነት እዮም። ማሕበራዊ ፍትሒ ዘይብላ ሃገር ትፈርስ እንበር ኣይትህነጽን ኢያ። ከም ዓቢይ ሕንጻ ባቢልዮናውያን ኮይና ኢያ ትተርፍ። እቲ ሱሉሳዊ በዓላት ቃልስና ወርሒ መስከረም፣ ወርሒ ግንቦት፣ ወርሒ ሰነ፣ ሓደ ካብ ሓደ ዘይንእስ ሓላፍነታት የሰክማና እኳ እንተኾነ ከም ወርሒ ሰነ ግን ኣይኮኑን። ዝኾነ ሕልና ዘለዎ ካብኣ ክኽወል ዘይክእል መንፈሳዊት ወርሒ ኢያ። ንሱዉኣትና ኣብ ነፍሲ ወከፍ ነስተንፍሰላ ካልኢት ክንዝክሮም እኳ ዝግብኣና እንተኾነ በታ ሓሳዊት ስጋ ብሹመትን ብካልእ በለጽን ከይንታሊልን፣ ከይንማረኽን ከይንጠልምን፣ ኣብ ገጽና ስእሊ መርዓውቲ፣ ሒዛ ግትር፣ ትብል ሓርበኛ ወርሒ ኢያ። ዕስራ ሰነ ንሓርበኛታት ዝይዳ ሓላፍነት ተሰክም፣ ንውርሻ ሱዉኣትና ከይጠፍኡና ንቆጸሮምን ንቆጻጸሮም ዕለት ኢያ። ንሶም ድማ ሕግን ፍትሕን ፍቅርን እዮም። ከም'ቲ ሱዉኣትና ዝጨርሕዎ ዓወት ንሓፋሽ ዶ ኮይኑ ኣብ መሬትና? ወይስ ከም ቀደምና ኣድገ በቅሊ ገዛእትና ኮና ንነብር ኣሎና? ሕረስ ሓረስታይ ንገድ ነጋዳይዶ ኮይኑዶ ኣብ ሃገርና፣? ምሹቑራርን፣ ራዕድን፣ ሕጊ ብዘየፍቅዶ ምእሳርን ምቅታል ይቕጽልዶ ኣሎ? ቐሽን ሸኽን መንገዲ ሓቅን ሂወትን፣ ነጻ ኮይኖምዶ ይሰብኩን የምህሩንዶ ኣለዉ? እቲ ሓቂ ንገዛእቲ ኢትዮጵያውያን ሰጉጉና፣ ንሕዝብና ቅድሚ ሕጂ ሪእይዎ ዘይፈልጥ ጭቆናን መከራን ኣውሪድናዮ ከም ዘሎና ብሩህ እዩ። ኣብ ሃገርና እምነት ኣምላኽ ፍኹሱ፣ ፍቅሪ ሕጊ ሃሲሱ፣ ኣሎ።

ንዓሰርተ ሸብዓተ ዓመት ብዘይካ ምፍራስ ስለ ዘይሃነጽና፣ መርዓውን መርዓትን ተሓጉሶም ሓንቲ ለይቲ ዘይሓድሩሉ፣ በኹሪን ገዛን ሓሳስልደን ገዛን ብሓደ ዝስደዱሉን፣ ደቅና ኣብ ባሕሪን ምድረበዳን ዝጠፍኡሉ፣ ባኒ ክትወስድ ሰዓት ሰልስተ ሪጋ ትሕዘላ፣ ምስ ዓርክኻን ኣዕሩኽካን ሳልስቲ ሓቢርካ ዘይትዞረላ፣ ንመንደቕን፣ ንትሓላፍ ዘላ መንኪናን ትፈርሓላ፣ ኣኼባ ምስ ተጸውዔ ብፍርሒ ሪዒድካ ኣፍካ ብኽልተ ኢድካ ተዓብሰላ ሃገር ኣላትና። ብዘይካ ማሕበራዊ ፍትሒ ሃገር ትህነጽ ኢያ ዝብሉ፣ ሓሰውትን፣ ግምጡል ስነሓሳብ ዘለዎምን፣ መራሕቲ ህግደፍ ምጥፋእ ንሃለኽቲ መግቢ፣ ንባንን ንፓስታን ኣሳቢቡ ኣብ መዓልቲ ናጽነት ዝተዛረቦ ንምለከት።

ህግደፍ፣ ብስንኪ ውጽኢት ፍሽለት ቑጠባዊ ምሕደራን፣ ባዕሉ ብዝወለዶ ሰበብን፣ ሎሚ ናይ መግቢ ሃለኽቲ ኣብ ሃገርና ካብ ዕዳጋ ዝጠፍኡ እቶም ዘለዉ ኢልካ ምቁጻር ይቐልል። ኣብ ዕዳጋ ሓደ ንግሆ ዝረኣዩ ንሰልስተ ወርሒ ዝሽፍቱ ድማ ሕዝብና ዘይጻወሮ ሮከታት ዋጋታት ንዘለዎም እንበር ንድኻታት ዘተሓስቡ ስለ ዝኾኑ ድኻ ኣብ ዱኳናት ህግደፍ ዝዓስዓሰ ሓሩጭ ክወስድ፣ ንመኳንንቲ ህግደፍ ኢድ ክነስእ ኣለዎ። ሓሩጭ ፊኖ ስርናይ፣ ከቢሩ፣ ባንን ፓስታን ድማ መጋየጽን ናይ ልዕልነትን ስለ ዝኾነ ብባጤራ ወጻኢ ገዚእና ክነምጽኣልኩም ትሓስቡ እንተሎኹም "የዋህነት እዩ" ዝበሎ ብፊኖ ጥራይ ኣይኮነን ባንን ፓስታን ዝስራሕ ብኻልእ ሓሪጭ'ውን ክስራሕ ይኽእል እዩ፣ እንተኾነ እቶም ኣብ ሃገርና ባዕልና ነፍርዮምከ ከም ዓሳን ጸባን ቢራን ኣእኻልን ጥራጥረንከ እንታይ ከመኽንይሎም እዩ?

ንሰራሕተኛታት ብኢዶም ብእግሮምን ኣሲርካ፣ ማሕረስን፣ ንግድን፣ ሸቐጥን፣ ዓጽኻ ጎረባብትን ንዶላርን ንጉድለታትካ መሸፈኒ ክትገብር ከ ክሳብ መዓስ። ሰራሕተኛታት ደቂ ኣንስትዮኽ ባንን ፓስታን ኣብ ኣመጋግባና እንተዘይሓዊሰን ከመይ ገይረን እየን ሰሪሔን ክኣትዋ? ማዕርነት ክረኽባ? ቆልዑን ሕሙማትን ኣረጋውያንንኸ ተሕሲብሎም ድዩ? ህግደፋውያን ባዕሎም ዝኣተዉዎ ጉድጓድ ምውጻእ ሲኢኖም ክገላበጡ ንርእዮም ኣሎና። ተማህሮ ዩንፈርስቲ፣ እስፖርተኛታት፣ ንኮርስ ዝወጽኡ ኮለኔላት፣ ናይ ወጻኢ ቤት ጽሕፈታት ሓለፍቲ፣ ነጋዶ፣ ደቆም ክበጽሑ ዝወጽኡ ሽማግሌታት፣ ዶብ ጢሒሶም ዝወጽኡ መንእሰይ፣ ኮታ ዕድል ናይ ምውጻእ ዝረኸቡ ንሃገር ክምለስ ዝብህግ ኣይረኤናን። እቶም ደገፍቲ መንግስቲ ኢና ዝብሉ እውን ንሓደ ወርሒ ዕርፍቲ ንኤርትራ ዝኸደዋ "እንቋዕ ስለስተ ወርሒ ዘይኮነ፣ ሰብ ኣብ ኤርትራ ከመይ ኢሉ ከም ዝነብር ኣይተረዳኣናን" ኢሎም ከማሩሩን ንኣሕዋቶምን ኣሓቶምን ዶላራት ክፈሎም ከውጽእዎም ንርኢ ኣሎና።

እንበኣር ኩልና እዚ መንግስቲ ክቕየር፣ ከም ንደሊ ናይ ኣደባባይ ምስጢር እዩ። እቲ ሽጊር መን ዕዉት ይበገስ ጥራይ ዘይኮነ መንገዲ ምቕያሩ እውን ዝጠፍኣና፣ ንመስል። ሓርበኛ ግን መንገዲ ኣይጠፍኦን እዩ፣ ሓርበኝነት ግን ጎዲሉ ኣሎ። ገለ ገርህታት ድማ ንሱ ምስ ንቕይር ካብኡ ዝሓሸ ዶ ይመጽእና ይኸውን ዝብሉ፣ ዝኸፍኤ ከይነግስ ዝፈርሑ ኣለዉ። እዚ ግን ዕሽነትን፣ ኣብ ኣምላኽ እምነት ምጉዳልን እዩ። ሓደ ሓረስታይ ሎሚ ዓመት ግራቱ ኣንበጣ ዝበልዖ ንዓመታ'ውን ኣንበጣ ክደግመኒ እዩ ኢሉ ማሕረስ ጠንጢኑ ሃገር ገዲፉ ዝስደድ ኣይረኤናን። ከምኡ እንተዝኸውን ነዛ ሃገር ኣቦታትና መየጽንሑልናን። ምስ ባህርን ምስ ምንቐኛታትን እንስሳታትን እናተዋግኡ ዘውረሱና ሃገር ክንገድፍ ዝተባብዑና ድኹማትን መሳሪሒ ጸላእን እዮም፣ ነዚኦም ድኹማት ሕልና ኩልና ነዚ መንግስቲ ክቐር ንደሊ በለጽ ወጊድና ሓድነትና ኣደልዲልና ክንቓለስ እዩ ዝግባኣና እንበር ብጥርጣሬ ክነብር ንደቅና ድማ ባሮት ኮይኖም ክነብሩ ክነፍቅድ ኣይግባእን።

ምቕያር ብሕብርን ብኣፍን ክኸውን የብሉን፣ ኣብ ሞንጎና ሓድነት ክምዕብል ናይ ሓድነት ሓዋርያ ክንከውን፣ ኣብ ማእከልና ፍትሒ ክነግስ ናይ ክልተ ዘረባ ሰሚዕና ንፈርድ ቁኑዓት ፈርድቲ ክንከውን፣ ኣባላት ጉጅሌ ገፋዕትን ሓሰውትን ከይኮና፣ ብሹመትን ብንብረትን ከይተታለልናን፣ ንሃገርና ክንህባ እንበር ክትህበና ከይተጸበና ምስ ንቓለስ ኢና ነዚ ዓማጺ መንግስቲ ንቕይሮ።

ኣብ መዓልቲ 20 ሰነ ናይ ሕልናን ፖሎቲካ እሱራት ክፍትሑ፣ ህግደፍ ስልጣን ሕዝቢ ወኒኑ ንሃገር ኣብ ደልሃመት ኣውዲቕዋ ስለ ዝርከብ ስልጣን ንህዝቢ ከረክብ፣ ወተሃደርዊ ምትኹታኹ ኣብ ዶባት ደው ክብል፣ ሃገርዊ ኣገልግሎት ገዝኡም ክምለሱ፣ ቁጠባ ነጻ ዕዳጋ ክኸውን፣ ክንሓቶም ዝግቡኡና ሕቶታት እዮም። ካብ ኩሉ እቶም ኣብ ወጻኢ ንነብር ከም'ቲ ንሕና ተሓጉስና ንወፍሮን ንኣትዎን፣ ንደቅና ነምህሮን ንናብዮምን ዘሎና ሕዝብና ኣብ ዉሽጢ ዝነብር ብሰላምን ብሕግን ወፊሩ ክኣቱ ድምጽና ነስሚዕ። ተኾርሚኻ ሞት ደው ኢልካ ሞት ኩሉ ሞት እዩ ንኣና'ውን ብመዓልቱ ከርክበልና እዩ። እዘን ናይ ወጻኢ መንነትን መበሪ ወረቓቕትን ኣሚና ንሪምናን ንሕዝብና ንመሬትና ኣይንበድል። ነዚ ክንበጽሕ ድማ ብዝመረጽናዮ ኣገባብ ቃልሲ፣ ነዚ ስርዓት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ክነንበርክኾ፣ እዛ ሽምዓ ወሊዕናያ ዘሎና ናይ ሱዉእ ዝኽሪ ጽንዓትን ትብዓትን ተምህረና ኣላ።

ብዘመነ ርእሲ ኣሉላ "ሜስ ከይትጥጅኡ፣ ሜስ ናይ መኳንንቲ መስተ እዩ፣" ዝበሎ ንዝክር። ዋና ጸሓፊ ህግደፍ፣ ፓስታን ባንን መግቢ ናይ መኳንንቲ ህግደፍ እዩ ኢሉ ክእውጅ ኣይንጸበ፣ ሎሚ ኣገባብ ኣበሃህላ ተቀይሩ እንበር ንስልጣኑ ዝሕልዉሉ፣ ንሕዝብና ድማ ምስኡ ኮይኖም ዝውሕጥዎ ሓደስቲ መሳፍንቲ ክፈጥር፣ ካብ 1991ዓም ጀሚሩ መቓብር ተጋደልቲ፣ ገዛውቲ ተጋደልቲ፣ ኣኼባ ተጋደልቲ፣ መኻይን ተጋደልቲ፣ ቤት ማእሰርቲ ተጋደልቲ፣ ደቂ ትጋደልቲ፣ ምትዓዓዝያ ተጋደልቲ ክብል ንእከላሎ ደሞዝ ከፊሉ ንዋርሳይ ጸሙ ኣሕዲሩ፣ ንድኻታት ሓረስቶት ግራውቶም መንጢሉ ንሰብ ዶላር ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ዝሸይጥ ዘሎ እዚ ሓዲስ ደርቢ ናይ መሳፍንቲ ንስልጣን ዋና ጸሓፊ ክትሕልዉ ሓለፋታት ይገብረልኩም ኣሎ።

ብዳዔን፣ ንዕቐትን፣ ድንቁርናን ናይ ክልተ ገዛእቲ ኣብ ዝተፈላለየ ግዜን ኣገባብን ተብሂሎም እንበር ሓደ እዮም። ሕጂ'ውን ንሕዝብና ከታልልን ኣብ ስልጣን ክጸንሕን ደልዩ ምስ ዋሺንግቶንን ምስ ኤውሮጳን ሁከት ይገብር ኣሎ። ንመን ከም ዝምከት እኳ ከየርድኤ ካድሬታቱ ግንዘብ ክኣርዩ ኣዋፊርዎም ኣሎ። ንሕስያ ዘይብሎም ካብ እቲ ከይንመውት ብድንጋጼ ከብድና ክንመልእን ኪዳን ክንክደንን ዝሃቡና ክንከፍል ድማ ንሕስያ ዘይብሎም ኣዛብእ ኣውፊሩ ይርከብ። ክቡር ሕዝብና መኸተ ንክብርናን ንመሰልናን ንበል እንበር ዋና ጽሓፊ ኣብ ስልጣን ክነብር ንድቁደቁ ድማ ስልጣኑ ከመሓልልፍ፣ ሱቕ ኣይንበል። "ኣንቱም መክቱ፣ እንተዘይመከትኩም ትሞቱ፣ ንዓዲ ኣበይቶን.........ነዞም ሓደስቲ ስደተኛታትን ሕተቱ.....ታሪኽ ሓርበኛታትና ክነሕድሶ ንመከት።

ንሱዉኣትና ብጸሎትን ብጾምን እናዘከርናዮም ንተጠሊሞም ዘለዉ መትከላቶም ኣልዒልና፣ ንስርሓሎም ሹዑ ድማ እዮም ብሓቂ ሱዉኣትና ዝቐስኑን ዝኽብሩን። መሰልና፣ ብጥርሑ ዝመጽእ ከም ዘየሎ 20 ሰነ መዓልቲ ሱዉኣት ምስክር ኢያ እሞ ንስራሕን ንቓልስን ኣሰር ሓርበኛታትና ሒዝና ንበገስ።

ሱዉኣትና ብዝሓድጉልና መትከላቶም ይዘከሩን ይኽበሩን፣
ቀጽሪ ሰላምን ደሞክራስን ይዓንብቡ!
ስዊስ ጀኔቭ ዕለት፣19/06/2008

---


**ማሕበር ኤርትራውያን ንሰላምን ደሞክራስን ኣብ ስዊስ**

**ASSOCIATION DES ERYTHREENS POUR LA PAIX ET LA DEMOCRATIE (ASPD)**

**Case postal 401 1214 Vernier, Geneva Switzerland (Eritrean_ch@yahoo.com)**


---